## ምዕራፍ 8

# ትሕቲ 18 ዓመት መድመዝኾኑ ደለይቲ ዕቑባ

**እንድሕር ደኣ ዕድሚኦም ትህቲ 18 ዓመት ኮይኖም ብዘይምንም ኣደን ኣቦን ናብነርወይ መፂኦም ኮይኖም ፍልይ ብዝበለ መልክዑ ንበይኑ፡**

ብቐጥታ ኣብነርወይ ምሰበፅሑ ኣብውሽጢ እቱ መዕቖቢ ስፍራ እንዳሃለው ዘጋጥምዎም ነገራት ብዝምልከት ሓበሬታ ይረኽቡ ማለት እዩናብዝርከብ ዕድሚ ኦም ካብ 18 ዓመት ንታሕቲዝኾኑ ህፃናት ዝነብርሉ መዕቖቢክኸዱ ይግበር።

### ሓጋዚ ዘይብሎም ህፃናት ዝነብርሉ መዕቖቢ

ኣብዚ መዕቖቢ ስፍራ እዚ ከከም ደረጃ ዕድሚኦም ነገራት ከገናዝቡ ዝኽእሉን ዘይኽእሉን ተባሁሎም ኣብ ክልተ ዝተኽፋፈሉ ጉጅለታት ኣለውዎ። ካብቶም ኣብዚ መዕቆቢ ስፍራ እዚ ዝሰርሑ ሰራተኛታት ሓደንዐኦም ዝከናኸኖም ስራሕተኛ ክህሉ ይግበር። በዚ ድማ ዝኾነ ይኹን ህፃን በብማዕለ፤ቱ ክማልኡሉ ዝደልዮም ነገራት ንኸማለአሉ ሕቶ ከቕርበሉ ይኽእል እዩ።

### ሓለዋ

ኣብዚ መዕቖቢ እዚ ንዝነብሩ ህፃናት ኩሎም ሓላዊ ዘለዎም እንትትከውን ስራሑ ድማ እቶም ህፃናት ዝደለይዎ ነገር ብሰዓቶም ምርካቦምን ዘይምርካቦምን ምቁፅፃር እዩ።

### ጠበቓ

ናይ ባዕሎም ጠበቓ እውን ዝምደበሎም እንትትከውን ስርሑድማ  ኣብ ማዕኸል መዕቆቢ እናሃለው ጉዳዮም ምክትታል እዮ። ዝኾነ ይኹን ህፃንድማ ቅድሚ ናብ UDI ንቃለምልልስ ምቕራቡ ምስ ጠበቐኡ ክማኸር ኣለዎ። ናይ ዝቕረብዎ ህቶመዕቖቢ መልሲ ኣይከውንን እንተኾይኑ ብጠበቖኦም ኣቢሎም ክጠርዑ ድማ መሰል ኣለዎም። ንዝበለፀ ሓበሬታ ምዕራፍ ሓደ ይመልከቱ።

### ትምህርቲ

ዝኾነ ኣብነርወይ ዝነብር ህፃን ናብቤት ትምህርቲ ብምኻድ ትምህርቲ ክከታተል ኣለዎ። ሓደ ኣብውሽጢ እዚ መዕቖቢዝርከብ ህፃን ዕድሚኡ ካብ 6-16 ዓመት ውሽጢ ዘሉ እንተኾይኑ ናይመጀመርያ ወይም ድማ ማእኸላይ ደረጃ ትምህርቲ ክአቱ ኣለዎ። ዕድሚኦም 16-18 ዝኾኑ ህፃናት ድማ ናይ ነርወይኛ መጠናኸሪ ቋንቋ ንኸወሰዱ ይግበር። እዚዝግበር ናይ ቀዳማይ ብርክ መልቀቒ ፈተና ክወስዱ ምእንቲ ክኽእሉ እዮ ሓደ ሓደ ዕዩ ገዛታት ንምስራሕ ድማ ኣብውሽጢ እቱ ትካል ዝርከቡ

ኣብውሽጢ እቲ መዕቖቢ ስፍራ ካብዝሰርሑ ሰባት ሓዲኡናቶም ተንከባኻቢ እዩ። ፀገማት እነተጋጥምዎም ንዑኡ የዘራርብዎ።







ሰራሕተኛታት ሓገዝ ክሓቱ ይኽእሉ እዮም።

### ተወሳኺ ሐበሬታ (ፕሮግራም)

ምንም እኳ ኣብ ቤት ትምህርቲ ብዙሓት ናይትምህርቲ ዓይነታት ዝመሃሩ እንተኾነ ከምመጠን ደላይ መዕቖቢ ግና ብዙሐት ሓበሬታታት የድልይዎም እዮም። በዚመሰረት ከዓካብትምርቶም ወፃኢ ብተወሳኺ ሓበሬታታት ክንገርዎም ይግበር።

### ዝተዘብዐ ዕድመ

ሓደሓደ ደላይቲ ዕቑባ ዝበለፀ ማቻ ይርከቦ እዮ ብምባል ዕድሚኦም ትሕቲ 18 ዓመት እዮ ኢሎም ከምዝገቡ ይራአዩ እዮም። ነዚንምርጋግፅ ተባሂሉ ድማ ናይሕክማና ምርመራ ዝግበር እንትትከውን እቱ ምርመራ ከይግበረለይ አልካ እምቢ ምባል ግን እቱ ጉዳዮም አሉታዊ መልሲ ንኽረክብ በሪዝኽፍት እዩ ዝኾውን።

### ቤተሰብ ህፃናት ምርካብ ዝግበር ፃዕሪ

ኣብነረወይ ምሰበፅሑ ቤተሰቦምን ከምኡውን ካልኦት ኣዝማደሞን ንኽእልሹ ወይም ንኽእለሽሎም ዓብይ ፃዕሪ ዝግበር እንትትከውን ህፃናት ብዛዕባ ሰድረኦም አድሌቲ ዝኾኑ ሓበሬታታት እንደአ ሓቢሮም ድማ እቱ አለሻ ዝበለፀ ክቀላጠፍ ይኽእል እዩ።

### ዳግመ ምጥያሽ

UDI ካብኩሉ ንላዕሊ ሀጋዚ ዘይብሎም ህፃናት ዝምልከት ነገር ብቑልጡፍ ፍታሕ ንኽረክብ ዓይብ ፃዕሪ እዩ ዝገብር።

እንድሕርደኣ ሕቶመዕቖቢ መልሲ ረኺቡ። ሕቶኻ መልሲ ካብዝረኸበሉ ሰዓት ኣትሒዙ ካብ 3 ወርሒ ብዝነኣስ ጊዜ ውሽጢ ምስዝምልከቶም ኣካላት ኮይንኻ ሓገዝ ክትረክብ ይግባእ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ኣብቱ ዘለኻሉ ትካል ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት አማኽር።

### ናብ ዓዲ ንምምላስ ድሌት እንተሃሊዮካ

እንድሕር ደኣ ንዓዲ ንምምላስ ድሌት ሃሊዮካ ሐገዝብምሕታት ክትምለስ ትኽእል ኢኻ። ንዙይ ብዝምልከት ምዕራፍ 6 ተመልከት።

### ገንዘብ

አብቲ መዕቖቢ ስፍራ ኣብዝፀንሕሉ እዋን ንሕክምና ንምግቢ፣ ንኽዳንዝውዕል ገንዘብ ዝወሃቦም እንትትከውን ናይቱ ገንዘብ መጠን ዝውሰኽ ምግቦም ባዕሎም ዝሽፍኑ እተኾይኖም እዮ። በዚ ድማ ብማናጀሮም አቢሎም ክረኽቡ እዮም።

### ንዝበለፀ ሐበሬታ

www.noas.org
www.bip.no
www.udi.no